


ዕርቃን ጥሜትን ጽምእን ተቐቢሉ
ንኤርትራ ሃገሩ ኣብ ልቡ ስኢሉ
ንነዊሕ ጠሚቱ ራእይ ዓወቱ ኣሚኑ
እወ ትብዓትን ሐቦን ጨቢጡ
ጽቡቕ ክሰርሕ ኣሚኑ ፈሊጡ
ብኒሕ ኣጽኒዑ ንኹሉ ኣካል ነብሱ
ምእንቲ ሐርነትን ናጽነትን ተቓሊሱ
ዋላ ዓለም ይገልበጥ ብኡኡ የዕሉሉ
ኣብ መትከል እምነቱ ጠጠው ምባሉ
ወዲ ኤረ ክጽዋዕ ሃገሩውን ክትህሉ
ቃልሲ ዕጫ ኣይኮነን ኢሉ
ከም ግዴታ ንነብሱ ኣእሚኑ
ምናባርን ዘይምንባርን ምኻኑ ተቐቢሉ
ምእንቲ ብርሃን ምእንቲ ሰላም
ምእንቲ ምኻን ንቕድሚት ቀጺሉ
ስዉእ ግን ኣብ ዘፍቅራ መሬቱ ተሪፉ
ሕድሪ መሬት ሃገር
ሕድሪ ባንደራና ኣረኪቡ ንዓና ሐሊፉ
ኣንጉዕ ሰማእታትና ድኹዒ ኮይኑ ለስሊሱ
ንመልከት ብደሙ ዝተጻሕፈ ንታሪኽ ንቓልሱ
ንኤርትራዊ መሬትና ክሃንጽ ከልምዕ ሐሪሱ
እወ ናይ ሰማእታትና ዉዑይ ደም ዝፈሰሶ
ፍረ ዘይብሉ ከይከውን በላዒ ከይወርሶ
ኣይንፈላለ ንመሬትና ኣልሚዕና ክንሐፍሶ
ብርግጽ ኤረና ካባና ንሕናውን ካብ ኤረና
ምስ ነጻ መስመር ዋሕስ ልምዓት ጉዕዞና
ሓደ ድምጺ ሓደ ትንፋስ ሐደዩ ዓይንና
ምስቶም ንግንቦት ፈጢሮም ሃገር ዝዓቀቡ ጀጋኑ ሃገርና
ሰማእታትና ንዘለኣለም ተዘኪሮም ይንበሩ
ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብረመስቀል
20.06.09